Migrationsverket

TI



# ናይ ቆልዑት ዓለምለኻዊ ዑቕባ መሕተቲ

ሓበሬታ ንዓለምለኻዊ ዑቕባ ክወሃቦም ዝሓቱ ኣለይቲ ዘይብሎም ቆልዑ፣ ብመሰረት ዓንቀጽ 4 ሕጊ (ኤውሮጳዊ ሕብረት) ቁ. 604/2013 (ARTICLE 4 OF REGULATION (EU) No 604/2013)

ነዚ ሊፍለት ንህበካ ዘለና ምኽንያት ዑቕባ የድልየካ ከምዘሎን ዕድሜኻ ትሕቲ 18 ዓመት ምዃኑን ስለዝገለጽካልና እዩ፡፡ ዕድሜኻ ትሕቲ 18 ዓመት እንተኾይኑ፣ ከም ህጻን ኢኻ ትሕሰብ፡፡ ከምኡውን እቶም ሰበስልጣናት 'ትሕቲ ዕድመ' ('minor') ኢሎም ክጽውዑኻ ክትሰምዕ ኢኻ፣ እዚ ድማ ምስ ህጻን ሓደ ትርጉም ኣለዎ፡፡ እቶም 'ሰበስልጣናት' ኣብ ልዕሊ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ናይ ምውሳን ሓላፍነት ዘለዎም ሰባት ማለት እዮም፡፡

**ኣብዚ ዑቕባ ትሓትት ዘለኻ ኣብ መበቆል ሃገርካ ፍርሒ ስለዝነበረካ እንተኾይኑ፣ ነዚ 'ዑቕባ ምሕታት' ኢልና ንጽውዖ፡፡ ዑቕባ (Asylum) ማለት ሓለዋ ከምኡውን ውሕስነት ዝህብ ቦታ ማለት እዩ፡፡**


ነቶም ሰበስልጣናት ወግዓዊ ናይ ዑቕባ ሕቶ ምስትቕርበሎም፣ ኣብ ሕጊ 'ናይ ዓለምለኻዊ ዑቕባ መመልከቲ ወይ ሕቶ' ተባሂሉ ይጽዋዕ፡፡ እቲ ዑቕባ ዝሓትት ዘሎ ሰብ 'ኣመልካቲ' ('applicant') ይበሃል፡፡ ሓደሓደ እዋን ሰባት 'ደላዩ ዑቕባ' ('asylum seeker') ኢሎም ክጽውዑኻ ክትሰምዕ ኢኻ፡፡

ወለድኻ ምሳኻ ክህልዉ ይግባእ፣ እንተኾነ ግን ምሳኻ እንተዘየልዮም ወይድማ ኣብ ጉዕዞ ካብኦም እንተተፈሊኻ፣ ንስኻ '**ህጻን ብዘይ መሰነይታ/ኣላዪ**' ('unaccompanied minor') **ትበሃል፡፡**

ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነት፣ ሓደ እኹል ዝኾነን ኣብ ጉዕዞ ናይቲ መስርሕ ዝሕግዘካን 'ወኪል' ('REPRESENTATIVE') ክንገብረልካ ኢና፡፡ ንሱ ወይ ንሳ ንመመልከቲኻ ብዝምልከትን ነቶም ሰበስልጣናት ከተዘራርቦም ምስትደልን ክሕግዘካ/ክትሕግዘካ እዩ/ያ፡፡ ብዛዕባ ጸገማትካን ፍርሒታትካን ምስ ወኪልካ ክትዘራረበሉ ትኽእል ኢኻ፡፡ ወኪልካ እቶም ዝበለጹ ረብሓታትካ ቀዳምነት ተዋሂብዎም ከምዝርኣዩ ምርግጋጽ እዩ፣ እዚ ማለት ድማ ዘድልዩኻ ነገራት፣ ውሕስነትካ፣ ጥዕናኻ፣ ማሕበራዊ ዕብየትካን ርእይቶታትካን ኣብ ግምት ምእታዎም ምርግጋጽ ማለት እዩ፡፡ ብተወሳኺ ወኪልካ ምስድራቤት ዳግማይ ናይ ምርኻብ ተኽእሎታት ኣብ ግምት ከእቱ እዩ፡፡

**እዚ ተጻሒፉ ብናጻ ዝወሃብ ጽሑፍ (leaflet) ሓበሬታ ንምሃብ ጥራይ ዝዓለመ እዩ፡፡ ዕላምኡ ድማ ዓለምለኻዊ ዑቕባ ንምርካብ ንዝመልከቱ ሰባት ብዛዕባ ናይ ዳብሊን መስርሕ (Dublin procedure) ግቡእ ሓበሬታ ንምሃብ እዩ፡፡ ንሱ ንገዛእርእሱ ግን መሰላት ወይ ሕጋዊ ግቡኣት ዝህብ/ዝሕዝ ኣይኮነን፡፡ ብመሰረት ናይ ዳብሊን መስርሕ፡ ናይ ሃገራት መሰላትን ግቡኣትን ከምቲ ኣብ ዓንቀጽ (ኤውሮጳዊ ሕብረት.) 604/2013 (Regulation (EU) 604/2013) ተገሊጾም ዘለዉ እዮም፡፡**

**©መሰል ኤውሮጳዊ ሕብረት : ቅዳሕ 2014**
**ምብዛሕ ፍቑድ እዩ። ንዝኾነ ምጥቃም ወይ ምብዛሕ ካብዚ ስእልታት ካብ ዝምልከቶ ኣካል ቀጥታ ፍቃድ ምሕታት የድሊ።**




እተን ሃገራት ዳብሊን ዝበሃላ ነተን 28 ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት የጠቓልላ ንሳተን ከኣ (ሃንጋሪ (HU)፣ ሆላንድ (NL)፣ ሊቱዌንያ (LT)፣ ላትቪያ (LV)፣ ላክሰምበርግ (LX)፣ ማልታ (MT)፣ ሮሜንያ (RO)፣ ስሎቫኪያ (SK)፣ ስሎቬንያ (SI)፣ ስዊድን (SE)፣ ስፔይን (ES)፣ ቆጵሮስ (CY)፣ ቡልጋርያ (BG)፣ ቤልጅም (BE)፣ ቼክ ሪፑፕሊክ (CZ)፣ ኢስቶኒያ (EE)፣ ኣየርላንድ (IE)፣ ኦስትርያ (AT)፤ ክሮኦሽያ (HR)፣ ዩናይትድ ኪንግደም (UK)፣ ዴንማርክ (DK)፣ ጀርመን (DE)፣ ግሪኽ (EL)፣ ጣልያን (IT)፣ ፈረንሳ (FR)፣ ፊንላንድ (FI)፣ ፖላንድ (PL)፣ ፖርቱጋል (PT)) ከምኡውን እተን ምስ ሕጊ ዳብሊን “ምትእስሳር” ዘለወን 4 ሃገራት (ሊክተንስታይን (LI)፡ስዊዘርላንድ (CH)፡ ኖርዌይ (NO) ከምኡውን ኣይስላንድ (IS)፡፡



©European Union

## ዝኾነ ዘይርድኣካ ነገር እንተሃሊዩ፣ ንወኪልካ ወይ ንሰበስልጣናትና ሕተት መታን ክሕግዙኻ!

ዋላ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ኣብዛ ሃገር እንተቐረብካዮ፣ ዑቕባ ናይ ምርካብ ሕቶኻ እትርኢ ሃገር እታ ካልእ ሃገር ክትከውን ትኽእል እያ፡፡.

ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ንምርኣይ ሓንቲ ሃገር ጥራይ እያ ሓላፍነት ክትወስድ ትኽእል፡፡ እዚ ድማ ኣብቲ '**ናይ ዳብሊን ሕጊ**' ('Dublin Regulation') ዝበሃል ሕጊ ሰፊሩ ኣሎ፡፡ ዑቕባ ናይ ምርካብ ሕቶኻ፣ ንሕና ዲና ክንምርምሮ ሓላፍነት ንወስድ ዋላ ካልእ ሃገር እያ ሓላፍነት ትወስድ ክንውስን እዚ ሕጊ ይሓተና - ነዚ ድማ 'ናይ ዳብሊን መስርሕ' ('Dublin procedure') ኢልና ንጽውዖ፡፡

እዚ ሕጊ ኣብ መላእ 32 ሃገራት ዝሓቁፍ ጂኦግራፊካዊ ዞባ ተግባራዊ ይኸውን[1)]:: ንዕላማ ናይዚ ሊፍለት ተባሂሉ፣ ነዘን 32 ሃገራት 'ናይ ዳብሊን ሃገራት' ('Dublin countries') ኢልና ሰሚናየን ኣለና::

ካብ ሰበስልጣናት ወይ ናብ ካልእ ናይ ዳብሊን ሃገር ኣይትህደም:: ሓደሓደ ሰባት ምህዳም እቲ ዝበለጸ ክትገብሮ ትኽእል ኣማራጺ ምዃኑ ክነግሩኻ ይኽእሉ እዮም:: ዝኾነ ሰብ ንክትሃድም፣ ወይውን ምስኦም ክትከይድ እንተማኺሩካ፣ ብቐጽበት ንወኪልካ ወይ ነቶም ሰበስልጣናት እታ ሃገር ሓብር::

ብኽብረትካ ነቶም ሰበስልጣናት እታ ሃገር ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ሓብር፣ እንተድኣ:

- በይንኻ ኮንካ፣ ከምኡውን ኣዴኻ፣ ኣቦኻ፣ ሓውኻ ወይ ሓፍትኻ፣ ሓትኖኻ/ኣሞኻ[2)]፣ ኣኮኻ/ሓወቦኻ[3)]፣ ዓባይካ ወይ ኣባሓጎኻ ኣብ ሓንቲ ካብተን ኣብ ካርታ ገጽ 3 ተመልኪተን ዘለዋ 32 ናይ ዳብሊን ሃገራት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም ኢልካ ትሓስብ ኮንካ::
- ከምኡ እንተኾይኑ ድማ፣ ምስኦም ክትነብር ትደሊ ዶ ኣይትደልን፤
- ናብዚ ሃገር ምስ ሓደ ካልእ ሰብ ተጓዒዝካ መጺኻ፤ ከምኡ እንተኾይኑ፣ ምስ መን፤
- ኣቐዲምካ ካብዘን ተዘርዚረን ዘለዋ 32 ናይ ዳብሊን ሃገራት ኣብ ካልእ ሓንቲ ሃገር ትነብር ኔርካ፤
- ናይ ኣጻብዕትኻ ዓሻራ ኣብ ካልእ ናይ ዳብሊን ኣገር ተወሲዱልካ፡- ናይ ኣጻብዕቲ ዓሻራ ንዓኻ ንምልላይ ዝሕግዙ ናይ ኣጻብዕትኻ ምስልታት እዮም፤
- ኣቐዲምካ ኣብ ካልእ ናይ ዳብሊን ሃገር ዑቕባ ሓቲትካ::

## ምስቶም ናይ ሃገር ሰበስልጣናት ምትሕብባር ከምኡውን ኩሉግዜ ሓቂ ክትነግሮም ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ::

ዑቕባ ኣብ ትሓተሉ ግዜ ብወላዲ እንተዘይተሰኒኻ፣ እቲ ናይ ዳብሊን ስርዓት ክሕግዘካ ይኽእል እዩ::

ብዛዕብኦም እኹል ሓበሬታ እንተሊዩና፣ ንወለድኻ ወይ ኣዝማድካ ኣብ ናይ ዳብሊን ሃገራት ክንደልዮም ኢና:: ክንረኽቦም እንተኺኢልና፣ ኣብታ ወለድኻ ወይ ኣዝማድካ ዝርከቡላ ሃገር ብሓባር ከምትኾኑ ክንገብር ኢና:: ብድሕሪኡ እታ ሃገር ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ንምርኣይ ሓላፍነት ትወስድ ሃገር ክትከውን እያ::

---

1) ናይዚ ቦታ ካርታ ኣብ ገጽ 3 ርአ
2) ሓፍቲ ኣዴኻ ወይ ሓፍቲ ኣቦኻ
3) ሓው ኣዴኻ ወይ ሓው ኣቦኻ

በይንኻ እንተኾንካ ከምኡውን ኣብ ካልእ ናይ ዳብሊን ሃገር ካልእ ቤተሰብ ወይ ኣዝማድ እንተዘይብልካ፣ ሕቶኻ ኣብዚ ሃገር ክምርመር ኣዚዩ ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ፡፡

ብተወሳኺ ሕቶኻ ኣብዛ ሃገር ክንርእዮ ክንመርጽ ንኽእል ኢና፣ ዋላውን ብሕጊ ካልእ ሃገር ሓላፍነት ትስከም እንተኾነት፡፡ ንሰብኣዊ፣ ስድራቤታዊ ወይ ባህላዊ ምኽንያታት ክንብል ከምኡ ክንገብር ንኽእል፡፡

ኣብ እዋን እዚ መስርሕ፣ **ኩሉ ግዜ ንዓኻ ብዘርብሕ መንገዲ ክንሰርሕ** ፣ ከምኡውን ሰብኣዊ መሰላትካ ክትጥሕስ ትኽእል እያ ኢልና ናብ ዝኣመናላ ሃገር ኣይንሰደካን ኢና፡፡

ኩሉ ግዜ ንዓኻ ብዘርብሕ መንገዲ ክንሰርሕ ኣለና ክንብል ከለና እንታይ ማለትና እዩ? ከምዚ ዝስዕብ ክንገብር ኣለና ማለት እዩ፡-

- ንስኻን ቤተሰብካን ኣብ ሓንቲ ሃገር ክጥርነፉ ትኽእሉ ዶ ኣይትኽእሉን ምጽራይ፤
- ደሓን ከምትኸውንን ውሕስነት ከምዝህልወካን፣ ብፍላይ ድማ ካብ ሕማቕ ክገብሩኻ/ ክጎድኡኻ ዝደልዩ ሰባት፣ ምርግጋጽ፤
- ደሓንን ጥዕንኡ ዝተሓለወን ኮንካ ክትዓቢ፣ ከምኡውን መግብን መጽለልን ከምዘለካን ማሕበራዊ ድለልየታትካ ከምዝተማልአን ምርግጋጽ፤
- ርእይቶታትካ ኣብ ግምት ምእታው – ንኣብነት፣ ምስዘመድ ዶ ክትጸንሕ ትደሊ ወይስ ንበይንኻ ክትከውን ትምምርጽ፤




©European Union

## ዕድሜኻ/ኺ

ካብ 18 ዓመት ንላዕሊ ዝዕድሚኡ ሰብ "እኩል" ይበሃል፡፡ ካብ ህጻናትን ትሕቲ ዕድመ መንእሰያትን ("MINORS") ድማ ብዝተፈለየ አገባብ ይረኣዩ፡፡

ብኽብረትካ ዕድሜኻ ብልክዕ ንገር፡፡

ዕድሜኻ ዝገልጽ ዝኾነ ሰነድ ምሳኻ እንተሊዩካ፣ ነቶም ሰበስልጣናት ኣርእዮም፡፡ እቶም ሰበስልጣናት ዕድሜኻ እንተተጠራጢሮሞ፣ ዕድሜኻ ትሕቲ 18 ዓመት ድዩ ወይስ ካብኡ ንላዕሊ ንምርግጋጽ ሓኪም ክምርምረካ ይኽእል እዩ፡፡ ቅድሚ ዝኾነ ይኹን ሕክምናዊ መርመራ ምግባርካ፣ ንስኻ ከምኡውን/ወይድማ ወኪልካ ነዚ ክትሰማምዑሉ ኣለኩም፡፡


ኣብዘን ዝቕጽላ መስመራት ብዛዕባ ናይ ዳብሊን መስርሕ፣ ብኸመይ ክሕግዘካ ይኽእልን ክትጽበዮ ዝግብኣካ ዝፍጸም ነገር ብዝምልከት ክህልዉኻ ዝኽእሉ ኣዚዮም ልሙዳት ሕቶታት ክንምልስ ክንፍትን ኢና፡-

## ናይ ኣጻብዕቲ ዓሻራ – እንታይ ማለት እዩ? ስለምንታይ እዩ ዝውሰድ/ዝግበር?

ናይ ዑቕባ ሕቶ ከተቕርብ ከለኻ፣ **ዕድሜኻ 14 ዓመት ወይ ካብኡ ንላዕሊ እንተኾይኑ፣ ናይ ኣጻብዕትኻ ስእሊ ወይ ምስሊ** (“ናይ ኣጻብዕቲ ዓሻራ” ዝበሃል) ተወሲዱ ናብ ‘ዩሮዳክ’ (‘Eurodac’) ዝበሃል ናይ ዓሻራ ዳታቤዝ ይመሓላለፍ፡፡ ኣብዚ መስርሕ እዚ ግድነት ክትተሓባበር ይግባኣካ – ኩሎም ዑቕባ ዝሓቱ ሰባት ናይ ኣጻብዕቶም ዓሻራ ክህቡ ብሕጊ ይግደዱ እዮም፡፡

ቅድሚ ሕጂ ዑቕባ ሓቲትካ ትፈልጥ ዲኻ ወይ ቅድሚ ሒጂ ኣብ ዶብ ዓሻራ ሂብካ ኔርካ ዲኻ ንምጽራይ፣ ኣብ ገለ እዋን ናይ ኣጻብዕትኻ ዓሻራ ምጽራይ ክግበረሉ ይኽእል እዩ፡፡ ኣቐዲምካ ኣብ ካልእ ናይ ዳብሊን ሃገር ናይ ዑቕባ ሕቶ ኣቕሪብካ ከምዝነበርካ እንተተፈሊጡ፣ ንዓኻ ዘርብሕ ኮይኑ እንተድኣተረኺቡ ናብዛ ሃገር ክትስደድ ትኽእል ኢኻ፡፡ ብድሕሪኡ እዛ ሃገር ናይ ዓለምለኻዊ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ንምርኣይ ሓላፍነት ትወስድ ሃገር ክትከውን እያ፡፡

ናይ ኣጻብዕትኻ ዓሻራ ን10 ዓመታት ይተሓዝ፡፡ ድሕሪ 10 ዓመታት፣ ብኣውቶማቲካዊ መንገዲ (ባዕሉ) ካብቲ ዳታቤዝ ይስረዝ፡፡ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ እንተተዓዊቱ፣ ናይ ኣጻብዕትኻ ዓሻራ ባዕሉ ክሳብ ዝስረዝ ኣብቲ ዳታቤዝ ይጸንሕ፡፡ ደሓር ናይ ሓንቲ ናይ ዳብሊን ሃገር ዜጋ እንተኾንካ፣ ናይ ኣጻብዕትኻ ዓሻራ ይስረዝ፡፡ ናይ ኣጻብዕቲኻ ዓሻራን ጾታኻን ጥራይ ኣብ ዩሮዳክ (Eurodac) ይዕቀብ - ስምካ፣ ስእልኻ፣ ዕለተ ልደትካን ዜግነትካን ናብቲ ዳታቤዝ ኣይለኣኽን ወይ ኣብኡ ኣይቅመጥን፡፡ እንተኾነግን፣ እዞም ዝርዝር ሓበሬታታት ኣብቲ ናይ ሃገራዊ ዳታቤዝ ክቕመጡ ይኽእሉ እዮም፡፡ ኣብ ዩሮዳክ (Eurodac) ዝተቐመጡ ጭብጥታት ካብ ናይ ዳብሊን ሃገራት (Dublin countries) ወጻኢ ንዝኾነት ትኹን ካልእ ሃገር ወይ ትካል ኣይወሃቡን፡፡



ካብ ሓምለ 20፣ 2015 ጀሚሩ፣ ናይ ኣጻብዕትኻ ዓሻራ ዓበይቲ ገበናትን ግብረሽበራን ንምኽልኻል፣ ንምልላይን ንምምርማርን ጠቕሚ ንምውዓል፣ ናይ ዩሮዳክ (Eurodac) ዳታቤዝ ክጥቀሙ ዝሓቱ ብከም ፖሊስን ናይ ኤውሮጳዊ ቤትጽሕፈት ፖሊስን [European police office (Europol)] ዝኣመሰሉ ሰበስልጣናት ክፍተሽ ይኽእል እዩ፡፡



©European Union

## ብዛዕባ ኩነታትካ ዝምልከት ናይታ ሃገር ሰበስልጣናት ምፍላጦም ከተረጋግጾ ዝግብኣካ ሓበሬታ እንታይ እዩ?

ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ናይ ምምርማር ሓላፍነት ዘለዋ ሃገር ኣየነይቲ እያ ንምውሳን ዝኣክል ቃለ-መሕትት ክግበረልካ ተኽእሎ ኣሎ፡፡ ኣብዚ ቃለ-መሕትት፣ ናይ ሃገር ሰበስልጣናትና 'ናይ ዳብሊን መስርሕ' ('Dublin procedure') እንታይ ምኳኑ ክብርሁልካ አዮም ከምኡውን ምስ ኣብ ካልእ ናይ ዳብሊን ሃገር ዝርከቡ ስድራቤትካ ዳግማይ ክትጽምበር ተኽእሎ እንተልዩ ከጻርዩ እዮም፡፡

ወለድኻ፣ የሕዋትካ ወይ ኣዝማድካ ኣብ ካልእ ናይ ዳብሊን ሃገር ከምዘለዉ ትፈልጥ እንተኾንካ፣ ብኽብረትካ ብዛዕባኦም ነቲ ቃለ-መሕትት ዝገርብረልካ ሰብ ምጥቃስ ኣይትረስዕ፡፡ ቤተሰብካ ንምርካብ መታን ክሕግዘና ብዝተኻእለ መጠን ብዙሕ ሓበሬታ ሃብ - ኣስማት፣ ኣድራሻታት፣ ቁጽሪ ስልክታት፣ ወዘተ፡፡

ኣብ እዋን እቲ ቃለ-መሕትት፣ ኣቐዲምካ ኣብ ካልኦት ናይ ዳብሊን ሃገራት ኔርካን ኣይነበርካን ክትሕተት ትኽእል ኢኻ፡፡ ብኽብረትካ ሓቂ ንገር/ተዛረብ፡፡

ወኪልካ መታን ሓገዝን ደገፍን ክህበካን እቲ ንዓኻ ዝሓይሽ ነገር ክገብርን፣ ናብቲ ቃለ-መሕትት ከሰንየካ ይኽእል እዩ፡፡ ወኪልካ ናብኡ ምሳኻ ክኸይድ ዘይትደልየሉ ዝኾነ ይኹን ምኽንያት እንተሊዩካ፣ ነቶም ናይታ ሃገር ሰበስልጣናት ክትነግሮም ይግባኣካ፡፡

**ኣብ ምጅማር ናይቲ ቃለ-መሕትት፣ እቲ ቃለ-መሕትት ዝገብር ሰብን ወኪልካን ብዛዕባ እቶም መሰርሓትን መሰላትካን መብርሂ ክህቡኻ እዮም፡፡ ዘይርድኣካ ዝኾነ ነገር እንተሃልዩ፣ ወይ ካልኦት ሕቶታት እንተሊዮሙኻ፣ ብኽብረትካ ሕተቶም!**

እቲ ቃለ-መሕትት መሰልካ እዩ ከምኡውን ሓደ አገዳሲ ክፋል ናይ ሕቶኻ/መመልከቲኻ እዩ፡፡

እቲ ቃለ-መሕትት ብዝርደኣካ ቋንቋ እዩ ዝግበር፡፡ እቲ ዝጥቀሙሉ ቋንቋ ክትርድኦ እንተዘይኪኢልካ፣ ንምርድዳእ ዝሕግዘካ ኣተርጓሚ ክግበረልካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ፡ ፡ እቲ ኣተርጓሚ ግድነት ንስኻን እቲ ሓታታይን ዝበልኩምዎ ጥራይ ከተርጉም ይግባእ፡፡ እቲ/ታ ኣተርጓሚ/ሚት ናቱ/ታ ርእይቶታት ክሕውስ/ክትሕውስ የብሉን/ላን፡፡ ነቲ ኣተርጓሚ ምርድኡ እንተተጸጊምካ፣ ግድነት ንዓና ክትነግረና ኣለካ ከምእዉን/ወይድማ ንወኪልካ ክተዘራርቦ ኣለካ፡፡

እቲ ቃለ-መሕትት ብሚስጥር ክዕቀብ እዩ፡፡ እዚ ማለት ድማ ካብቲ ዝሃብካዮ ሓበሬታ ዋላሓደ'ውን እንተኾነ፣ እንተላይ ናይ ዑቕባ ሕቶ ናይ ምቕራብካ ጉዳይ፣ ናብ ኣብ መበቆል ሃገርካ ዝርከቡ፡ ንዓኻ ይኹን ነቶም ዛጊት ኣብ ዓዲ ዘለዉ ኣባላት ስድራቤትካ ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ክሃስይዎም ዝኽእሉ ሰባት ወይ ሰበስልጣናት ኣይክስደድን እዩ፡፡

**ንስኻ ኮነ ወኪልካ ብዛዕባ ናይ ዳብሊን መስርሕ ናይ ግዜ ደረት ክትፈልጡ ኣገዳሲ እዩ!**

## ናብ ካልእ ሃገር ክትከይድ ድዩ ዘለካ ወይ ኣብዚ ክትጸሕ ንምፍላጥ ክንደይ ግዜ ይወስድ?

## ሕቶይ ናይ ምርኣይ ሓላፍነት ትስከም ሃገር ካልእ ሃገር ከምዝኾነት ምስዝፍለጥ ከ?

→ *እዚ ኣብ ሓንቲ ናይ ዳብሊን ሃገር ናይ መጀመርያ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ እንተኾይኑ፣ ናብ ካልእ ሃገር ትስደድ ምኽንያቱ ኣዴካ፣ ኣቦኻ፣ ሓውኻ፣ ሓፍትኻ፣ ኣሞኻ/ሓትኖኻ፣ ኣኮኻ/ሓወቦኻ፣ ኣባሓጎኻ ወይ ዓባይካ ኣብታ ሃግር ስለዘለዉ ከምኡውን ምስኡ/ምስኣ/ምስኦም ትጽምበርን ከሳብ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ዝምርመር/ዝርአ ድማ ምስኦም ብሓባር ትጸንሕ፡፡* [4)]

→ *ቀደም ኣብዚ ዘይኮነ ኣብ ካልእ ናይ ዳብሊን ሃገር ዑቕባ ሓቲትካ እንተኔርካ፣ ናብታ ሃገር ዳግማይ ክትስደድ ትኽእል ኢኻ፡ መታን ኣብኣ ሃገር ዘለዉ ሰበስልጣናት ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ከእንግድዎ፡፡* [5)]

ኣብ ክልቲኡ ኩነት፣ ንዓኻ ናብ ካልእ ሃገር ንምስግጋር ከሳብ ሓሙሽተ ኣዋርሕ ኣቢሉ ይወስድ፣ እዚ ወይ ካብቲ ዑቕባ ዝሓተትካሉ ግዜ ወይድማ ካብቲ ንሕና ኣብ ካልእ ናይ ዳብሊን ሃገር ንዓለምለኻዊ ዑቕባ ኣመልኪትካ ከምዝነበርካ ዝፈለጥናሉ ግዜ ማለት እዩ፡፡ እቶም ሰበስልጣናት እቲ ውሳኔ ምስተወስደ ኣብ ዝቐለጠፈ ግዜ ብዛዕባ እቲ ውሳኔ ክነግሩኻ እዮም፡፡

→ *ኣብዚ ሃገር ዑቕባ ሓቲትካ እንተዘይኔርካ ከምኡውን ኣብ ካልእ ናይ ዳብሊን ሃገር ኣቐዲምካ ዘቕረብካዮ ናይ ዑቕባ ሕቶ ድሕሪ ሙሉእ ምጽራይ እንተተነጺጉ፣ ወይ ነታ ካልእ ሃገር ተመሊሳ ክትቅበለካ ክንሓታ ኣለና፣ ወይድማ ናብ መበቆል ሃገርካ ወይ ቀዋሚ ሕድራሻኻ ወይ ናብ ውሑስ ሳልሳይ ሃገር ናይ ምምላስ ተግባር ከነሳልጥ ኣለና፡፡*

ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ናይ ምርኣይ ሓላፍነት ትወስድ ካልእ ሃገር ክትከውን እንተወሲንና፣ እታ ሓላፍነት ክትወስድ ዝተሓተተት ሃገር ከምኡ ክትገብር እንተተሰማሚዓ፣ ናይ ዓለምለኻዊ ዑቕባ ሕቶኻ ከምዘይንርእዮ በንጻሩ ግን ናብታ ሓላፍነት ትስከም ሃገር ከምንሰደካ ብወግዒ ክትሕበር ኢኻ፡፡

ናትካ ምስግጋር እታ ሃገር ሓላፍነት ክትወስድ ካብ ዝተሰማምዓትሉ፣ ወይ እንተዘይተሰማሚዕካን ነዚ ውሳኔ ክትሙግቶ እንተደሊኻን (እዚ እንታይ ማለት ምዃኑ

4) ሰባት ነዚ 'ሓላፍነት ምስካም' ('take charge') ኢሎም ክገልጽዎ ክትሰምዕ ትኽእል ኢኻ፡፡
5) ሰባት ነዚ "ምምላስ' ('take back') ኢሎም ክገልጽዎ ክትሰምዕ ትኽእል ኢኻ፡፡

ዝገልጽ ክፋል ተመልከት) ድማ ናይ ይግባይ ወይ ዳግማይ ናይ ምርኣይ ሕቶኻ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ካብ ዝተዋህበሉ ግዜ ጀሚሩ ይፍጸም፡ ፡ እንተተኣሲርካ እዚ ናይ ግዜ ገደብ ክሳብ ሓደ ዓመት ክናዋሕ ይኽእል እዩ፣ ወይድማ ካብቲ ሃገር እንተወጺኻ ወይ እንተሃዲምካ ክሳብ 18 ኣዋርሕ ክናዋሕ ይኽእል እዩ፡፡



©iStockphoto / Joe Gough

## ናብ ካልእ ሃገር ክትከይድ ዘይትደሊ እንተኾንካ ኸ?

## ብዛዕባ እዚ ምስ ወኪልካ ተዘራረብ!

ጉዳይካ ክርአ ናብ ካልእ ሃገር ክትከይድ ኣለካ ኢልና እንተወሲንና፣ ንስኻ ግን ምስዚ ውሳኔ እንተዘይተሰማሚዕካ፣ ነቲ ናይ ምስግጋር ውሳኔ ክትሙጉቶ ትኽእል ኢኻ፡፡ እዚ ድማ 'ይግባይ' ወይ 'ዳግማይ ምርኣይ' ይበሃል፡፡

ካብቶም ሰበስልጣናት ውሳኔ ምስተዋህበካ፣ ኣብ ውሽጢ 21 መዓልታት (ሰለስተ ሰሙን) ኣብ ቤት ፍርዲ ሚግራሾን ይግባይ ክትብል ትኽእል፡፡ ኣብ ውሽጥ እቲ ተመልኪቱ ዘሎ ግዜ ይግባይ ክትብል ምኽኣል ብጣዕሚ ኣገዳሲ ነገር እዩ፡፡ ነዚ ብዝምልከት ወኪልካ ክሕግዘካ ይግባእ፡፡

- ጉዳይካ እናተመርመረ ከሎ ናይ ምስግጋርካ ጉዳይ ደው ክብል ንምሕታት ናይ 21 መዓልታት (ሰለስተ ሰሙን) ግዜ ኣለካ፡፡ ቤትፍርዲ ወይ ዳያኑ ብዛዕባ እዚ ሕቶ ድሕሪ ሓጺር ግዜ ክውስኑ እዮም፡፡ እቲ ደው ናይ ምባል ሕቶ እንተዘይተቐቢሎሞ፣ ምኽንያታቶም ክንገረካ እዩ፡፡
- ኣብዛ ሃገር ንዝተዋህበ ውሳኔ ንምምዃት ከተዘራርቦም ዘለካ ሰበስልጣናት ኣየኖት ምዃኖም ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ መወዳእታ ናይዚ ሊፍለት ይርከብ፡፡
- ኣብ እዋን ናይቲ መስርሕ 'ይግባይ' ሕጋዊ ደገፍ፣ ከምኡውን ኣድላዪ እንተኾይኑ ድማ ናይ ኣተርጓሚ ሓገዝ ምጥቃም ክፍቀደካ እዩ፡፡ ናይ ገንዘብ ዓቕሚ እንተዘይብልካ ናጻ ሕጋዊ ደገፍ ክግበረልካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ፡፡ ብዛዕባ ኣብ ናይ ይግባይ ጉዳይካ ክሕግዛኻ ዝኽእላን ሕጋዊ ሓገዝ ዝህባን ትካላት ዝምልከት ናይ መራኸቢ ሓበሬታ ኣብ መወዳእታ ናይዚ ሊፍለት ይርከብ፡፡

## ምድጓን

ናብ ዝደለይዎ ብናጻ ክንቀሳቐሱ ዘይፍቀደሎምን ኣብ ዕጹው ህንጻ ዝነብሩን ካብኡ ክወጹ ዘይክእሉን ሰባት ኣብ “መዳጎኒ ኣትዮም/ተዳጒኖም ኣለዉ” ይበሃሉ፡፡

ኣለይቲ ወለዲ ዘይብልካ ትሕቲ ዕድመ መንእሰይ እንተኾንካ፣ ኣብ እዋን ምሸት ወይ ደገ ምስጸልመተ ካብ ውሽጢ ከይትወጽእ ዘገድዱ ሕግታት ወይ ደገ ክትወጽእ ከለኻን መእሰ ከምትምለስን ነቶም ኣለይትኻ ክትሕብሮም ዘገድዱ ሕግታት ዘለዎ መጽለሊ ትነብር ትኸውን፡፡ እዞም ሕግታት ናትካ ውሕስነት ንምሕላው ዝጠቕሙ እዮም፡፡ እዚ ማለት ኣብ መዳጎኒ ቦታ ኣለኻ ማለት ኣይኮነን፡፡

## ህጻናት ዳርጋ ኣይዳጎኑን እዮም!

***ኣብ መዳጎኒ ቦታ ዲኻ ዘለኻ? ተዳጒንካ ዲኻ ዘለኻ ኣይተዳጎንካን ርግጸኛ እንተዘይኮንካ፣ ብኽብረትካ ነቶም ሰበስልጣናት፣ ንወኪልካ ወይ ናይ ሕጊ ኣማኻሪካ ብዝተኻእለ መጠን[6] ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ሕተቶም፡፡ ብድሕሪኡ ብዛዕባ ኩነታትካ ከምኡውን ተዳጒንካ እንተሊኻ ነቲ ናይ ምድጓን ውሳኔ ናይ ምምጓት ተኽእሎ ብዝምልከት ከተዘራርቦም ትኽእል!***

ኣብ እዋን ናይ ዳብሊን መስርሕ ኣብ ዝኾነ ህሞት ኣብ መዳጎኒ ክትኣትው ናይ ምኽኣል ሓደጋ ኣሎ፡፡ መብዛሕትኡ ግዜ እዚ ዝኸውን እቶም ናይታ ሃገር ሰበስልጣናት ዕድሜኻ ትሕቲ 18 ምዃኑ እንተዘይኣሚኖምን ናብ ካልእ ሃገር ከይትስደድ ስለዝፈራሕካ ካብኦም ክትሃድም ወይ ክትሕባእ ትኽእል ኢኻ ኢሎም እንተሰጊኦምን እዩ፡፡

ስለምንታይ ትእሰር ከምዘለኻ፣ ከምኡውን ነቲ ናይ ምድጓን ትእዛዝ ብኸመይ ክትምጉት ትኽእል ዝምልከት ብጽሑፍ ሓበሬታ ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ፡፡ ብተወሳኺ ነቲ ናይ ምድጓን ትእዛዝ ክትሙጉት እንተደሊኻ ሕጋዊ ደገፍ ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ፣ ስለዚ በቲ ውሳኔ ዕጉብ እንተዘይኮንካ ንወኪልካ ወይ ንሕጋዊ ኣማኻሪኻ ኣዘራርብ፡፡

ኣብ እዋን ናይ ዳብሊን መስርሕ እንተተኣሲርካ፣ ንዓኻ ዝተዳለወ ናይቲ መስርሕ ናይ ግዜ ሰሌዳ እዚ ዝስዕብ ይኸውን፦ ካብቲ ናይ ዑቕባ ሕቶ ዘቕረብካሉ ግዜ ጀሚሩ ካልእ ሃገር ጉዳይካ ንምርኣይ ኣብ ውሽጢ **ሓደ ወርሒ** ሓላፍነት ክትስከም ምሕታት ከድልየና እዩ፡፡ ብድሕሪ እዚ እታ ዝተሓተተት ሃገር ኣብ ውሽጢ **ክለ ሰሙን** መልሲ ክትህብ ይግባእ፡፡ ኣብ

6) ኣብ ቅድሚ ሕጊ ንድልየታትካ ክማጎት ወኪሉ ከም ዝቐረበ በቶም ሰበስልጣናት ኣፍልጦ ዝተዋህቦ ሰብ፡፡ ጠበቓ ዘድልየካ እንተኾይኑ እቲ ወኪልካ ከምኡዉን/ወይ እቶም ሰበስልጣናት ከማኸሩካ ይግባእ፣ እንተኾነ ግን ንስኻ'ውን ኣብ ክንዳኻ ሓደ ከመዙልካ ክትሓቶም ትኽእል ኢኻ፡፡ ብዛዕባ ሕጋዊ ውክልና ክገብራ ዝኽእላ ትካላት ኣብ ናይዚ ሊፍለት ዳሕረዋይ ገጽ ተመልከት፡፡

መወዳእታ፣ ኣብ መዳጎኒ እንተጸኒሕካ፣ ናትካ ምስግጋር እታ ሓላፍነት ዝወሰደት ሃገር ሕቶ ካብዝተቐበለትሉ ግዜ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ **ሸዱሽተ ሰሙን** ይፍጸም፡፡

ኣብ መዳጎኒ እናሃለኻ ነቲ ናይ ምስግጋር ውሳኔ ክትሙግት እንተወሲንካ፣ ናይታ ሃገር ሰበስልጣናት ኣብ ውሽጢ ሹዱሽተ ሰሙን ናብ ካልእ ሃገር ከሰጋግሩኻ ኣይግደዱን እዮም፡ ፡ ብድሕሪኡ ሰበስልጣናት እታ ሃገር ብዛዕባ ዝህልዉኻ ኣማራጺታት ክሕብሩኻ እዮም፡፡

ሰበስልጣናት እታ ሃገር ነታ ካልእ ሃገር ሓላፍነትካ ክትስከም ትሕተተሉ ናይ ግዜ ደረት እንተዘይኣኽቢሮም፣ ወይ ናትካ ምስግጋር ኣብ ግዜኡ እንተዘይተግቢሮም፣ ብመሰረት ናይ ዳብሊን መስርሕ ንምስግጋርካ ዝዓለመ ናትካ ምድጓን ከብቅዕ እዩ፡፡ ኣብ ከምኡ ኩነት፣ እቶም ኣብ ገጽ 1125 ዝተጠቕሱ ልሙዳት ናይ ግዜ ደረታት ይትግበሩ፡፡





©European Union

## መን እያ ሓላፍነት ትስከም ዝብል ሕቶ ኣብ ንምልሰሉ እዋን ዝህልዉኻ መሰላት እንታይን እንታይን እዮም?

ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ናይ ምምርማር ሓላፍነት ንስከም ንሕና እንተኾይና፣ ወይድማ ሓላፍነት ትስከም ካልእ ሃገር እንተኾይና ክሳብ ናብታ ሃገር ትሰጋገር፣ ኣብዚ ሃገር ናይ ምጽናሕ መሰል ኣለካ፡፡ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ናይ ምምርማር ሓላፍነት ትስከም እዛ ሕጂ ትነብረላ ዘለኻ ሃገር እንተኾይና፣ ብዛዕባ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ብውሑዱ ናይ መጀመርታ/ኣፈናዊ ውሳኔ ክሳብ ዝወሃብ ኣብዛ ሃገር ናይ ምጽናሕ መሰል ኣለካ፡፡ ብተወሳኺ ናይ ነገራዊ/ንብረታዊ ኩነታት መቐበሊ ተጠቃሚ ትኸውን፣ ንኣብነት መጽለሊ፣ መግቢ ወዘተ.፣ ከምኡውን መሰረታዊ ክንክን ጥዕና (basic medical care) ከምኡውን ናይ ህጹጽ ኩነታት ሕክምናዊ ሓገዝ (emergency medical assistance)፡፡ ከምኡውን ናይ ትምህርቲ መሰል ኣለካ፡፡

ብዛዕባ ኩነታትካን ኣብ ደምበ/ግዝኣት ናይ ዳብሊን ሃገራት ዝርከቡ ኣባላት ስድራቤትካን ዝምልከት ሓበሬታ ብቃል ከምኡውን/ወይድማ ብጽሑፍ ክትህበና ዕድል ክወሃበካ እዩ፤ ሓበሬታ ኣብ ትህበና ግዜ ድማ ብናይ ኣደ ቋንቋ ወይ ብኻልእ ትመልኮ ቋንቋ (ወይድማ ኣድላዪ እንተኾይኑ ኣተርጓሚ ብምጥቃም) ክትህበና ዕድል ይወሃበካ፡፡ ብተወሳኺ ናብ ካልእ ሃገር ንምስግጋርካ ብዝምልከት ናይ ዝተወሰደ ውሳኔ ቅዳሕ ብጽሑፍ ክወሃበካ እዩ፡፡ ብተወሳኺ ንዓና ከምኡውን/ወይድማ ኣብዚ ሃገር ንዝርከብ ቤትጽሕፈት ናይ ሕቡራት ሃገራት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ስደተኛታት [United Nations High Commissioner for Refugees(UNHCR)] ክተዘራርብ መሰል ኣለካ፡፡

**ወኪልካ ኮነ ሰበስልጣናት እታ ሃገር ብዛዕባ መሰላትካ ዝያዳ መብርሂ ክህቡኻ እዮም!**

## እቲ ትህቦ ናይ ግልኻ ሓበሬታ እንታይ ይኸውን? ንግጉይ ዕላማታት ኣብ ጠቕሚ ከምዘይውዕል ብኸመይ ተረጋግጽ?

ሰበስልጣናት ናይ ዳብሊን ሃገራት ነቲ ኣብ እዋን ናይ ዳብሊን መስርሕ እትህቦም ሓበሬታ ምስካልኦት ክለዋወጡ ዝኽእሉ ብመሰረት ናይ ዳብሊን ሕጊ ግቡኣቶም ንምፍጻም ጥራይ ይኸውን፡፡

ነዞም ዝስዕቡ ናይ ምርኣይ/ምጥቃም መሰል ኣለካ፡-

- ንዓኻ ዝምልከቱ ሓበሬታታት፡፡ ከምዚ ዓይነት ጭብጥታት እንተላይ ናይ ዩሮዳክ ጭብጥታት ጌጋታት እንተሊይዎም ወይ ሓቂ እንተዘይኮይኖም ክእረሙ፣ ወይድማ ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ እንተተመስሪሖም ክስረዙልካ ናይ ምሕታት መሰል ኣለካ፤
- ጭብጥጣትካ እንተላይ ነቶም ናይ ዳብሊን መስርሕካ ሓላፍነት ከምዝተሰከሙ ዝፍለጡ ውሱናት ብቑዓት ሰበስልጣናት ዝምልከት ናይ መራኸቢ ዝርዝር ሓበሬታታት፣ ከምኡውን ናይቶም ውልቃዊ ሓበሬታ ምዕቃብ ዝምልከቱ ሕቶታት ናይ ምእንጋድ ሓላፍነት ዘለዎም ሰበስልጣናት ሃገራዊ ምዕቃብ ጭብጥታት ተኣሪሞምን ኣይተኣረሙን ወይድማ ተሰሪዞምን ኣይተዘረዙን ንምፍላጥ ከመይ ጌርካ ከምትሓትት ዝገልጽ ሓበሬታ ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ፡፡

## ሓገዝ ምስትደሊ ኣበይ ክትሓትት ትኽእል?

- (ብፍሉይ ብኣባላት መንግስቲ ንጹር ሓበሬታ ዝምላእ:) ቀዋሚ ኣድራሻን ናይ መራኸቢ ዝርዝር ኣድራሻን ናይ ዑቕባ ዝህብ በዓል ስልጣን
ሚግራሾንስቨርከት/ቤት ስልጣን ምሕደራ ደቂ-ወጻኢ [Migrationsverket]
ኣድራሻ
601 70 Norrköping
0771-235 235

- ስም፡ ኣድራሻ፡ መራኸቢ ሓበሬታ ናይ ትካል ሓላፍንት ዝወሰደ ብዛዕባ ኣላዪ ዘይብሉ ትሕቲ ዕደመ ኣመልካቲ፡
ብዛዕባ ናይ ሕጋውያን ሰብ-ሕድሪ/ ብዓል-ሕድሪ (gode män) ናይ ምውሳን ሓላፍነት ዘሎዎ፤ እቲ እትነብረሉ ዘሎኻ ኮሙን እዩ። ሚግራሾንስቨርከት ምስኣቶም ንምርኻብ ክተሓባበረካ ይኽእል እዩ። ሚግራሾንስቨርከት ብዛዕባ ናይ ጠበቓ ሓገዝ ምርካብ ውን ክተሓባበረካ ይኽእል እዩ።
0771-235 235

- ኣድራሻን መራኸቢ ሓበሬታን ናይ ሃገራዊ ላዕለዋይ ሓላፊ ንውሕስነት ትሕቲ ዕድመ ህጻናት፡
ምስቲ ብዛዕባ ሓለዋ-ቆልዑ ንኽቋመት ሓላፍነት ዘሎዎ፤ እቲ ኣብ ኮሙንኻ ዚርከብ ማሕበራዊ ኣገግሎት (socialtjänsten) ዝተባህለ ቤት ስልጣን ርክብ ንኽትገብር እዩ ተሓቢሩካ ዘሎኻ። ሚግራሾንስቨርከት ምስኣቶም ንምርኻብ ክተሓባበረካ ይኽእል እዩ። 0771-235 235

- ኣድራሻን መራኸቢ ሓብሬታን ብዛዕባ ሓላፍንት ዝወሰደ በዓል ስልጣን ንመስርሕ ዱብሊን ንምክትታል፡
ሚግራሾንስቨርከት ናይ ዳብሊን ኣሃዱ [Migrationsverket, Dublinenheten]
ኣድራሻ
Box 507
169 29 Solna
0771-235 235

- መንነትን ተቆጻጻሪ ዩሮዳክን ወኪሉ/ወኪላን ቤት ስልጣን ምቊጽጻር ኣብ ኮምፕዩተር ንዚግበር ኣጠቓቕማ ሰብኣዊ-ክብሪን ምእካብ ሓበሬታ ግለሰብን [Datainspektionen]
ኣድራሻ
Box 8114
104 20 Stockholm
+46 (0)8 657 61 00
datainspektionen@datainspektionen.se
http://www.datainspektionen.se/

- ዝርዝር ኣድራሻ ናይ በዓል ስልጣን ተቆጻጻሪ፡
[Migrationsverket]
ኣድራሻ
601 70 Norrköping
0771-235 235

- ቀይሕ መስቐልን ዝጻወቶ ተራን፡
ሚግራሾንስቨርከት ኣሃዱ ምምሕዳር መንነት-ወረቐት [Migrationsverket, ID-enheten]
Box 507
169 29 Solna
0771-235 235

- መራኸቢ ሓበሬታ ናይ ቤት ጽሕፈት ከባብያዊ ላዕለዋይ ልኡኽ ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ንስደተኛታት (UNHCR) (እንድሕር ሃልዩ ኮይኑ) ዝጻወቶ ተራን፡
ቀይሕ-መስቀል [Röda korset]
ብዛዕባ ናይ ሓደ ስደተኛ ውልቃዊ ጉዳይ

ምኽሪ ምስ ትደሊ ወይ ምክትታል ሕሉፍ-ጉዳያት፣ ምትእኽኻብ ስድራቤት ስደተኛታት፣ ርእይቶ ቀይሕ-መስቀል፣ ብዛዕባ ንሃገርካ ምምላስ ጉዳይ ወይ ምስክር-ማእሰርቲ፣ ምኽሪን ሓገዝን ንምርካብ፣ ኣብ ቁጽሪ 020-41 50 00 ደውል። ናብ ቀይሕ-መስቀል ዚድወለሉ ሰዓታት፣ ሰሉስ-ረቡዕ-ሓሙስ፣ ካብ ሰዓት 9:30–12:00 እዩ። ብዛዕባ ቀይሕ-መስቀል ዚህቦ ደገፋት ብዝያዳ ንምፍላጥ፣ ኣብ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ www.redcross.se/detta-gor-vi/stod-till-migranter/ ኣቲኻ ክትርኢ ትኽእል ኢኻ።

- መራኸቢ ሓበሬታ ብዛዕባ ሓላፊ ሃገራዊ ምቁጽጻር፡
ናይ ሕቡራት መንግስታት ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት፣ ወኪል ኣብ ሰሜናዊ ኤውሮጳ [UNHCR Regional Representation for Northern Europe]
ኣድራሻ፣
Ynglingagatan 14
SE-113 47 Stockholm
Tel: 08-4574880 (Tue-Thu 9:30-12:00).
ኤሌክትሮኒክ ኣድራሻ: swest@unhcr.org

ናይ ሕቡራት መንግስታት ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት፣ ሓደ ክፋል ናይቲ ኣብ ሃገር ሽወደን ዚካየድ መስርሕ ምቕባል ስደተኛታት ኣይኮነን። ስለዚ ድማ ዝኾነ ኣሉታዊ ውሳኔታት ንምቕያር ወይ ናይ ምጥራዝ ውሳኔ ወይ ናይ ምትሕልላፍ ውሳኔ ጠጠው ንምባል ኣይክእልን እዩ። ናይ ሕቡራት መንግስታት ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት፣ ንናይ ውልቀ-ጉዳያት ሕጋዊ ምኽሪ ክህበሉ ውን ኣይክእልን እዩ። ናይ ሕቡራት መንግስታት ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት፣ እንታይ ክገብር ከምዚኽእል ብዝበለጸ ሓበሬታ፣ ኣብ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻና፣ http://www.unhcr-northerneurope.org/resource-centre/for-refugees-asylum-seekers-faq፣ ኣብቲ ልሙዳት ሕቶታትን መልሲን ዚብል ኣርእስቲ፣ ኣቲኻ ክተንብብ ትኽእል ኢኻ።

- መራኸቢ ሓበሬታ በዛዕባ ሕጋዊ ዝኾነ ሓገዝ ዝቅርብ/ስደተኛ/ንኣለይቲ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ ዝኣሊ ትካል፡
ሕጻናት ኣድሕን [Rädda barnen]
ንመሰል ቆልዑ ዝቓመትን፣ ኣብ ግዱዕ ኩነታት ንዚርከቡ ሕጻናት ዚድግፍን ውድብ እዩ።
ኣድራሻ
107 88 Stockholm
08-698 90 00
kundservice@rb.se
www.räddabarnen.se

- መራኸቢ ሓበሬታ ብዛዕባ ኣህጉራዊ ትካል ንዕቑባ ዝሓቱ ስደተኛታት(IOM) ዝጻወቶ ተራን
ናይ ህዝቢ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ናይ ምግዓዝ ዚምልከት ዓለም-ለኻዊ ውድብ [International Organization for Migration, IMO]
ናይዚ ውድብ እዚ ወከልቲ ኣብ ሃገር ሽወደን የሎዉን። ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ www.iom.int ኣቲኻ ክትርኢ ትኽእል ኢኻ።

BZ-01-14-069-TI-C

doi:10.2847/21930
ISBN 978-92-9243-178-5

European Commission

EASO

Publications Office